# ሕብረተሰብና ዳግም ንምኽፋት ብዝሒ መርመራ ኮሮና ይጽዕቅ

ሕብረተሰብና ዳግም ንምኽፋት መንግስቲ ኖርወይ ምጽዓቕ መርመራታት ኮሮና ከም ሓደ ሜላ ብንጡፍ ክጥቀመሉ'ዩ። ኣብተን ለብዒ ዝገነነን ቦታታት ቈልዑን መንእሰያትን ብቐዳምነት ክስርዑ ኢዮም። ብዝሐ-መርመራ ብሃገራዊ ደረጃ ንምክያድ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ተሓታትነት ክወሃቦም ኢዩ፡ ጽቡቕ ምውህሃድን ስሉጥ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ንምውሓስን ድማ ኢዩ።

- ለብዒ ኣብ ኖርወይ ጌና ግኑን ኢዩ ዘሎ። ብብዝሒ መርመራ ኮሮና ብምክያድ ኩነታት ለብዒ ንምፍላጥን ንምቁጽጻርን ሃገርና ዳግም ብዝቐልጠፈ ንክትኽፈትን ኣገዳሲ ተራ ክህልዎ ኢዩ። ንብዝሐ መርመራ ኮሮና ዝምልከት ሓደ ስርዓት ብሃገራዊ ደረጃ ንምስርት ኣለና ሕጂ። ብቐዳምነት ኣብተን ለብዒ ዝገነነን ቦታታት ቈልዑን መንእሰያትን ብቐዳምነት ክንሰርዖም ኢና ክብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሀይየ/Bent Høie ይሕብር ።

ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናንን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ንሕሩያት ጉጅለታት በብእዋኑ ብብዝሒ ብምምርማር ክግምግምዎም ኢዮም፡ እወታዊ መልሲ ምስ ዘርእዩ የውሸብዎምን መስርሕ ምንዳይ ምንጪ ለብዒታት የካይድሎምን፡ እቲ ዕላማ ናይዚ ሜላ እዚ ኸኣ ለብዒ ንምንካይ' ዝዓለመ ኢዩ። ብዝሐ-መርመራ ኮሮና ብምክያድ ቤት ትምህርቲታት፡ ኮለጃትን ዩኒቬሪሲቲታትን ቅጥዕታት ምክልኻል ለብዒ ብግቡእ ምስ ዝከታተልኦ ገለ ካብቲ ረብሓታቱ ካብ ምዕጻው ንምግልጋል ይኸውን።

**ቈልዑን መንእሰያትን ኢና ነቕድም**
ብዝሐ-መርመራ ክካየድ እንከሎ ንሓደ ጉጅለ ሰባት ብሓደ ስርዓታዊ ኣገባብ ንነፍሰወከፎም ተለቢዖም ወይ ሓሚሞም ከይኰኑ ብዝብል ጥርጣረ ከይተሓደረሎም መርመራ ብምምርማር ዝካየድ ኲይኑ፡ ድሮ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተኣታተወ ስርዓት ኢዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኖርወይ ሓያሎ መፈተንታታት ብዝሐ መርመራታት ይካየዱ ኣለው፡ ገለ ካብተን መፈተንታታት ኣብ ቤት ትምህርቲታትን ዩኒቬሪስቲታትን ኦስሎን በርገንን ይካየዳ ኣለዋ።

እቲ ዘለና ሃገራዊ ስርዓት ብሰለስተ ጽፍሕታት ዝተመደበ ኢዩ። ቈልዑ፡ መንእሰያትን ተማሃሮን ከምኡ እውን ብምልኦም ሰራሕተኛታትን ወለዲን ተማሃሮ-መባእታን ኣጸደ-ህጻናትን ብቐዳምነት ክስርዑ ኢዮም። እቲ 1ይ ጽፍሒ ከባቢ ገዛውትን ንኡሳን ዞባታታትን ዘጣቓልል ኲይኑ ማዕረ እቶም ብመለክዒ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ተኣፈፍቲ ጉጅለ 5ይ ደረጃ ዝቑጸሩ ከኣ ዝስርዑ ይኾኑ። 2ይ ጽፍሒ ከባቢ

ገዛውትን ንኡሳን ዘባታታትን ዘጣቓልል ኲይኑ ማዕረ እቶም ብመለክዒ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ተኣፈፍቲ ጉጅለ 4ይ ደረጃ ዝቕጻሩ ከኣ ዝስርዑ ይኾኑ ኣለው። ትሕዝቶ 3ይ ጽፍሒ ጸኒሑ ብንጹር ተገሊጹ ክቐርብ ኢዩ።

- ንዘለና ድሩት ትሕዝቶታት ኣብ ከምኒ ቀረብ ናውቲታት መርመራን፡ ጽቡቕ ምውህሃድን ውሕሉልነትን ኣሳልጥን ኣጠቓቕማ ንምህላውን ሓላፍነት እቲ ዕማም ንኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ይወሃቦም ኣሎ። ሓደ ካብቲ ዕማም ናይ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና፡ ብዝሒ-መርመራታት ኣበየናይ ኲነታት ክካየድ ከም ዝኽእል ምውሳን ኲይኑ፡ እኹል ቀረብ ናውቲ መርመራ ምድላውን ምስ ንኡሳን ዘባታት ግርም ልዝባት ንክህሉ ምውሓስን ከም ምዃኑ ብወገኑ ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን በንት ሆይየ/Bent Høie የፍልጠና።

**ብርድየት’ዩ ዝካየድ**

ብዝሒ-መርመራ ንንኡሳን ዘባታት ይኹን ንውልቀ ሰብ ከከም ርድየትካ ኢዩ ክኸውን። ንቈልዑ ብዝምልከት ከኣ ከከም ወለዶም ዘፍቀዱሎም ይኸውን።